# *<u>ተበለጽትን ብተበለጽቲ ዝምራሕ መንግስትን</u>*

## <u>ካልኣይ ክፋል</u>

*ብግርማይ በርሀ ገብረሚካኤል ( ሽካጎ)*

*12/08/2011*

ተበለጽቲ ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምምጻእ ኣብ ዝግበር ቃልሲ’ውን ሓደ ጽፍሪ ናይቲ ተጻራሪ ሓይሊ ኮይኖም’ዮም ዝስርዑ ። ምኽንያቱ ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ዝካየድ ተጋድሎ ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ደቂ ሰባት ክህሉ ዝኽእል ዘይተመጣጠነ ቁጠባዊ ትሕዝቶን ተጠቃምነት ሃገራዊ ሃብትን ዘመዓራሪ ፡ ኣብ ብቕዓትን ንቕሓትን ዜጋታት መሰረት ዝገበረ ሓያል ህዝባዊ ተሳትፎ ኣብ ሃገራዊ ፖሎቲካዊ ምሕደራ ዘረጋግጽ ፡ ኣብ ባህላውን ማሕበራውን ጉዳያት ዝረኣ ኣድልዎን ፍልልይን … ንምውጋድ ዝገበር ቃልሲ እዩ ።

***ማሕበራዊ ፍትሒ ብዕላማን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክረኣ ኮሎ፡ ህዝቢ ፡ ሃገራዊ ሃብቱ ተጠቃሚ ክኸውን ዘውሕስ ፡ ኣብ ብሓባር ዝተሰውኡላ ሃገር ዝተመዓራረየ መነባብሮ ሃልይዎም ፡ ሃገሮም ብሓባር እናሃነጹ ንቅድሚት ክስጉሙ መንገዲ ዘትሕዝ ፡ ኣብ ፖሎቲካዊ ምሕደራ ፡ ሃገራውያን ዝተሰውእሉ ዕላማ ተሓልዩን ተኸቢሩን ሓያል ህዝባዊ ተሳትፎን ህዝባዊ ፖሎቲካዊ ዋንነትን ክህሉ ዝፍቅድ እዩ ።***

ጸጥታዊ ድሕነት ሃገር ብቀዳምነት ተሰሪዑ ዘሎ ሃገራዊ ዓቕምታት ብዝተኻእለ መጠን ንጥቕሚ ሃገርን ህዝብን ዘውዕል ፡ ዜጋታት ሃገራዊ ጉቡኦም እናፈጸሙ መሰሎም ተሓልዩን ተኸቢሩን ብሰላም ክንብር ዘኽእል፡ ነብሰ ተኣማንነት ፡ ህዝባውን ሃገራውን ሓልዮት ዘሕይል ፡ ሰሪሕካ ብጻማኻ ምንባር ትሕዝቶ ዘለዎ ጭዋ ባህሊ ሕብረተሰብና መሊሱ ዘሰውድ …. ዓይነት ምሕደራ ገርና ክንገልጾ ንኽእል ።

ምስ ካልኦት ሃገራት ዝህሉ ዝምድና ውን ኣብ ናይ ሓባር ረብሓታት ዝገበረ፡ ዓመጽ ዘየፍቅድ ፡ ናይ ዕብየትን ምክብባርን ዕላማ ዘለዎ ዝምድና ዝጠመተ ኣተሓሳስባ እውን ዝሓቖፈ እዩ ።

ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ዝግበር ተጋድሎ ፡ ንሓደ ዝተወሰነ ጸገም ሕብረተሰብ ንምፍታሕ ዘይኮነ ፡ ኣብ ኩሉ ሂወታዊ ናብራ ደቂ ሰባት ዝጠመተ ንቹጻሊ ለውጥን ምምሕያሽን ዝደፍእ ቃልሲ እዩ ። ናይ ህዝቢ ናይቶም ብዙሓት ፡ ናይ ሃገር ናይታ ናይ ሓባር ዋንነት ፡ ረብሓታትን ህልውናን ቀጻምነት ሰሪዑ ፡ ናይ ውልቅን ናይ ውሑዳትን ረብሓታት ብካላኣዊ ደረጃ እናሰርዐ ንቅድሚት ዝግስግስ ስራሕ ስለዝኾነ ፡ ዝማዕበለ ኣብ ማዕርነትን ፍትሕን ዲቂ ሰባት መሰረት ዝገበረ ፡ ፖሎቲካዊ ንቕሓትን ሓያል ህዝባዊ ውዳበን ተሳትፎን ዝሓትት ቃልሲ እዩ ።

*እዚ ከኣ ካብ ንናጽነት ዝግበር ሃገራዊ ቃልሲ ዝማዕበለ ፡ ሓደ ስጉምቲ ንቅድሚት ዝሰጎመ ፡ ዝገደደ ልቢ ተበልጽትን ዓመጸኛታትን ዘንደደ ከይኑ ፡ እቶም ዝዕጠቅሉ ፡ ንቀጻሊ ለውጥን ሽጋሽን ሕብረተሰብ ዝደፍኡ ፡ ኣብ ዱሑር ኣተሓሳስባታት ኣሜን ኢሎም ዘይሰግዱ፡ ናይ ኣዚዮም ውፍያት ዝኾኑ ሓይልታት ስራሕን ሓላፍነትን ከይኑ ይርከብ ። ነዚ ስራሕ’ዚ ዝበቅዖን ኣብ ተግባር ከውዕሎ ዝኽእሉን ፡ ምስቲ ተጠቃሚ ዝኾነ ህዝቢ ሓቢሩ ፡ ኣብ ጽቡቅን ኣብ ሕማቅን ስራሓት እናተኻፈለ ምስ ህዝቡ ነብሱ ዘዕብን ኣብነት ብምኽን ስሪሑ ዘስርሕን ኣካል ጥራይ እዩ ። ማሕበራዊ ፍትሒ ምስቲ ክቡር ባህሊ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ዝቃዶ ስለዝኾነ ንህዝብና ብዙሕ ሓድሽ ነገር ዘለዎ ዕላማ ኮይኑ ኣይርከብን።*

ተሓጋጊዝካ ዘላትካ ተኻፊልካ ፡ ብሓባር ምንባር መሰረት ዝገበረ ባህሊ ህዝብና ፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንከዕወት ሓደ ካብቲ ዝላዓለ ኣበርክቶ ዝገበረ ጉዳይ እዩ ። እዚ ሕጂ ንሪኦ ዘሎና ኣብ ባርካ ኮነ ኣብ ሳሕል ብጠቕላላ ኣብ ሙሉእ ኤርትራ ዘለዋ ተጋደልቲ ዘዐንገላ ስድራታት ክርህወን ኣለወን ፡ ዝብል ኣረኣእያ ሓርበኛታት ፡ ምስቲ ታሪኻዊ መዋእል ተጋድሎ ተወሃሂድካ ምስራሕ መሰረት ገይሩ መሊሱ ዝማዕበለ ባህሊ ህዝብና እዩ። ስለዚ ማሕበራዊ ፍትሒ መሰረት ናይ ሰላምን ብሓባር ምንባርን ናብራ ዘጣጥሕ ፡ ናይ ህዝብታት ረብሓ ዝሕሉ ጉዑዞ እዩ።

*ስለዝኾነ ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ፡ ብኹሎም ካብ ህዝቦም ንላዕሊ ብዝሓሸ ክንነብር ንኽእል ኢና ዝብል ኣተሓሳስባ ዘለዎም ፡ ማዕረ ህዝቦም ክነብሩ ዘሕፍሮም ፡ ብሃብቶም መሰረት ዝህልዎም ፍሉይነትን ክብርን ዝስእንዎ መሲሉ ዝረኣዮም ፡ ሃብቲ ሃገርን ህዝብን ብሒቶም ህዝቢ ብስኡኑ በይኖም እናዓንደሩ ክነብሩ ዝደልዩ ፡ ብውልቃውነትን ብስስዐን*

*ዝለለዩ ፡  ብሓፈሻኡ ጸረ ህዝባዊ ረበሓታት ብምዃኖም ዝፈለጡ ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ክሰምዕዎ ዝደልይዎ ቃል ኣይኮነን።*

ማሕበራዊ ፍትሒ ፡ ብመንግስቲ ደረጃ ክንሪኦ ኮሎና’ውን ፡ ኣብ ክንዲ ሃገሮምን ህዝቦምን ምግልጋል ፡ ንኻልኦት ሓይልታትን መንግስታትን ዘገልግሉ ፡ ዑሱባት መራሕትን ሰበ ስልጣናትን’ውን ትፍቶ ኣይኮነትን ። ንኣብነት መብዛሕቶም መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ኢና ዝብሉ ፡ ተፈጥራኣዊ ሃብቲ ሃገሮም ንኻልኦት ኣረኪቦም ፡ ኣብ ረዲኤትን ጽጉዕነትን ዝወደቁ፡ ንቁጠባውና ወተሃደራውን ሓገዛት ክብሉ ሃገራዊ ፖሎቲካዊ ምሕደረኦም እንታይ ከምዝገብሩ እናተነገሩ ተማእዚዞም ዝኸዱ ፡ ብተግባር ንሪኦ ከምዘለናን ዝነበርናን ካብ ንህዝቦም ጺን ኢሎም ዝሰምዑ ፡ ንግዳማውያን ሓይልታት ክእዘዙ ጊዜኦም ዘሕለፉ ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ይጸረሩ ። ኣብ ከባቢኦም’ውን ብርሃን ከተብርህ ኣይደልይዋን ። ስለዘይትሰማምዖም  ኣዚዮም ይፈርሕዋ።

እዚ ናይ ተበለጽቲ ጉጅለ እዚ ፡ ኣብ ውሱን ሃገርን ሕብረተሰብን ክረኣ ከሎ ከም መሰረታዊ ደርቢ ነቲ ዝህሉ ሕብረተሰብ ዘቑሞን እንታይነቱ ዝገልጾን ኣይኮነን ። ኣብ መንጎ እቶም መሰረታውያን ዝኾኑ ሓይልታት ኮይኑ ፡ ሕብረተሰብ ክናውጽ ዘዕገርግር ሓዲግ ዝኾነ ኣካል እዩ ።  ኣብ ርእሲ ሓዲግ ምኻኑ ፡  ገድሊ ኤርትራ  እውን መሊሱ ኣጸቢቑ ሓዲግ ከምዝኾውን ስለዝገበሮ እዚ ጉጅለ’ዚ ኣይጣዓሞን ። እዚ ከኣ ንተበለጽቲ ዘሕጉስ ተርእዮ ኮይኑ ኣይተረኽበን። ስለዝኾነ እቶም ብተበላጽነቶም ቀርኒ ዘውጽኡ ኣካላትና ንግዳማውያን ሓይልታት ክገልግሉ ካብ ምኻን ሓሊፎም ካልእ ስራሕ ክረኽቡ ኣይካኣሉን ።  ንሳ ከኣ ይገብርዋ ኣለዉ ።

## <u>እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ብጉጅለ ወያነ ዝተዓብለለ  ስርዓት ፡ ጸረ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝኾነ ናይ ተበለጽቲ መንግስቲ እዩ ።</u>

### <u>ብኸመይ ?</u>

ቅድሚ እንታይነት፡ ምስሉይነትን ተንኮላትን ስርዓት ወያነ ምዝርዛረይ ፡ *ንኽብርን ዝኸርን ጀጋኑ ተቃለስቲ ኤርትራውያን ኣያታተይ ፡ ኣሕዋተይን ኣሓተይን ፡  ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት/ህዝባዊ ግንባርን ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ካልኦት ብውዱብ ኣገባብን*

*ብዘይዉዱብ መንገድን ፡ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ከዕውቱ ክብሉ፣ ዝሓለፉ ዝተሰውኡ፣ ዝሰንከሉ ጉልበቶም ዝጸንቀቁ ፡ ብጠቕላላ ተጋደልትን ህዝብን ፡ ንዝተቃለስሉ ህዝባዊ ዕላማን ኣበርክቶኦምን ቁሩብ ጥቕስ ምባል ኣገዳሲ ኮይኑ ይስማዓኒ ። ነቶም ጀጋኑ ተጋሩን ካልኦት ብሄራት ኢትዮጵያውያን ብሓፈሻ ፍትሓዊ ዕላማ ከዕውቱ ዝተቃለሱን ዝተሰውኡን ንዝተቃለስሉ ዕላማን ኣበርክቶኦምን ክጠቕስ እውን እደሊ ።*

*ቃልሲ ፡ ብዝተኸፍለሉ ዋጋን ጻዕርን መሰረት ገርካ ፡ ነቲ ዝረኸብካዮ ተዓዊትካ ዘጥረካዮ ዋንነት ህዝቢ ዝገበርካዮ ፡ ነቲ ዘይተዓውትካሉ ዝሳኣንካዮን ዝኸሰርካዮ ፡ መሰረት ገርካ ምምዛኑ ዝበለጸ ይኸውን። ነቶም ብንጽህና ሃገሮምን ህዝቦምን ከገልግሉ ዝደልዩ ፡ ንነገራት ብውሽጡን ምስ ግዳማዊ ክህልዎ ዝኽእል ዝምድናን ምትእስሳራትን ገይሮም ብምርዳእ ፡ ከጥርይዎ ዝኽእሉ ንጹር መሰረታዊ ራእይ ንኽህልዎም ሓጋዚ ክኾውን ይኽእል እብል ።*

*ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ፡ ምስቲ ኩሉ ሕጽረታቱ ፡ ካብቲ ብዙሕ ሓደ ዓብዩ ኣበርክቶኡ ፡ ንውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ኮነ ንውጹዓት ህዝብታት ናይቲ ዞባ ፡ ፈተውቶምን ጸላእቶምን ኣለልዮም ፡ ንናይ ገዛእ ርእሶም ረብሓታትን ክብርታትን ኪቃለሱን ናይ ሃገሮም ፖሎቲካዊ ምምሕዳር ኣካየድትን ቁጠባዊ ትሕዝቶ ሃገሮም ተጠቀምትን ንኽኾኑን ፡ ብባህሊ ሕብረተሰቦም ኮሪዖም ናይ ጉዳያቶም ዋናታትን ናይ ሃገሮም ሃነጽትን ባዕሎም ምኳኖም ኣሚኖም ፡ ኪቃለስሉ ዝኽእሉ ኣፍደገ ብምኽፋቱን ኣብነት ኮይኑ ዋጋ እናኸፍለ ብተግባር ተዓጢቑ ክሰርሕ ምኽኣሉን እዩ ።*

እዚ ህያብ እዚ ፡ ንዝፈልጦን ንዝርድኦን ፡ ገሊልካዮ ዘይነጽፍ ማይ፣ በሊዕካይን ዘይውዳእ መግቢ ፡ ተኸዲንካዮ ዘይዓርቕ ክዳን ገርካ ዝቁጸር፣ ንውጹዓት ህዝብታት ዘገልገለን ለውጢ ዝፈጠረን ፡ ብጀጋኑ ኤርትራውያን ንህዝብታት ዞናና ዝተዋህበ ታሪኹ ሕጁ ዝነብር ዓብዩ ህያብ እዩ ። ጽንኩር ኩነታት ምስ ሓለፈ ዋጋ ተኸፊልዎ ኣብ ኣተሓሳስባታትን ዘሎ ኩነታትን ለውጢ ምስተራእየ ንሓቂ ቀይርካ ፡ ኣብ ልዕሊ ንራህዋን ንሰላምን ንዝተቃልሲ ህዝቢ ጸለመታት ኣዋፊርካ ፡ ካልእ ክትከውን ምፍታን መመሊሱ ዝፈኩስ ኮይኑ ምርካቡ ዘይተርፍ እዩ።

*ዋላ እኳ ካብቶም ኣብቲ ክዛረበሉ ደልየ ዘለኹ ጊዜ ዝነበሩ ፣ ዝማሃሩኒ ዘኽብሮም ኣያታተይ ፣ ኣብዚ ጊዜ እዚ ብሂወቶም ዘለዉ ፣ ልክዕ ቁጽሮም ዘይፈልጥ እንተኾንኩ ፣ እቶም ዘኽብሮም እንተዝገልጽዎ ክንደይ ንጸበቀ እናበልኩ ጊዜ ክሀቦ ፈቲነ ፣ ስለዝደንጎየ ኣነውን ስለዘካኣልኩ ፣ ዳሓን ዝረሳዕኩዎ ይምልእዎ ይኾኑ ብምባል ንነብሰይ ኣደዓዒሰ ንእሽቶ ንጣብ ፣ ናይቲ ዝፈትዎ ህዝበይ ኣበርክቶ ፣ ትንክፍ ከብል መሪጸ ኣለኹ ። ምኽንያቱ ነዚ ሕጂ ዝረኣ ዘሎ ተርእዮታት በቲ ልክዕ መልክዑ ንምርድኡ ሓጋዚ ክኾውን ይኽእል እዩ ኢለ ዝለዝኣመንኩ ።*

1. ሰውራ ኤርትራ ኣብ ህዝቡ እምነት ኣሕዲሩ ከምዝተቃለሰ፡ ንህዝቦም ነጻ ከውጽኡ ዝተላዕሉ ኢትዮጵያውያንን ካልኦትን ተቃለስትን ኣብ ጉዳያቶም ኢዱ ከየእተወ ብናቶም መገድን ኣገባብን ክቃለሱ ከም ዕላማኡ ገይሩ ይቃለስ ከምዝነበረን ፣ ክብርታትን ውሽጣዊ ጉዳያትን ናይ ካልኦት ነቶም ዋናታቱ ገዲፉን ናጽነት ሂቡን ናይ ምኻድ ፣ ቀደም ዝሰርሓሉ ዝነበረ ባህሉ እዩ። እዚ ሕጂ ንሰምዖ ዘለና ፣ ሽግር ዘለዎም ሃገራት ጉዳዮም ባዕሎም ይፍትሕዎ ዝብል መርገጽ ከኣ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን።
2. ሰውራ ኤርትራ ወጽዓታት ህዝቡ በቲ ልክዕ መንገዲ ዘምሃረን ፣ ንኹሉ ድሕረታት ንምጽራግ ኣብ ምሉእ ዞናና ዝግብኦ ኣበርክቶ ከምዝገበረ ፣ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ንካልኦትን ሰናይ ትምኒት ገረ ከምዝሰርሐን ፣ መርትዖታት ከቅርብ ክፍትን እየ ።

እዚ ሓደ ንእሽቶ ክፋል ነቲ ኣበርክቶ ጀጋኑናን ህዝብናን ዝገበርዎን ዝገብርዎ ዘለዉን ኣበርክቶ ኣነጺሩ ከርእዮ ሓጋዚ ክኾውን ይኽእል እዩ ዝብል እምንቶ ኣሎኒ ፣ ጽቡቅ እምበር ሕማቅ መልእኽቲ የብሉን ። ካብ ህዝቢ ኤርትራ ንላዕሊ ሰላም ዝደሊ ፣ ንሰላምን ራህዋን ፣ ንፍትሕን ንመሰላት ደቂ ሰባትን ዝተቃለሰን ዋጋ ዝኸፍለን ኣብ ዞናና የለን ። ብሓቅነት ዘይብሉ ሓሶት ብዙሕ ይዝረብ እዩ ። ነቶም ሰላምን ራህዋን ፣ ፍትሕን መሰላት ደቂ ሰባትን ከይርከብ ፣ ዕጥቅን ስንቅን ዘቅብሉ ዝነበሩ ፣ ዝተዋግኡን ዝዋግኡ ዘለዉን ፣ ህዝብታት ንምህሳይ ናይ ስለላ ስራሓት ዘካይዱ ዝነበሩን ዘለዉን ጸላእትን ጸረ ህዝቢ ዝኾኑ ሓይልታትን ዘረባታት ቦታ ረኺቡ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ብደም ንጹሃት ዝጠልቀዩ ሓይልታት ክዋረዝዩ ክትሪኢ ፣ ነቲ ሓሶት ጽያፍ ገይሩ ዝወስዶ ህዝብና ኣዝዩ ዘቃጽል እዩ ። ኤርትራ ሰላም ከምዘይትደልን ምስ ኩሉ ትጓነጽን ከምዝኾነት ኣምሲሎም ንዘካይድዎ ስነ ኣእምሮኣዊ ኲናት ፣

ናይ ገለ ኣካላትና ልብን ኣእምሮን ክሰልብ ምኽኣሉ  ከኣ ፡ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ከኣ ዘሕዝን እዩ ።

ንሰላም ክንብል እዚ ኩሉ ዋጋ ከፊልና ፡ ናይ ኣፍሪቃ ማሕበር ሓንቲ ቅንጣብ ኣበርክቶ ገይሩልና ዘይፈልጥ ፡ ጸገም ክፈጥር ተጓይዩ ። ማሕበር ሕቡራት ሃገራት ቅድሚ ሕጂ ዝጎዳኣና ከይኣኽሎ ብቀጻሊ ህዝብና ክገፍዕ ምስርሑ የገርም። መራሕቲ መንግስታት ኢትዮጵያ ቅድሚ ሕጂ ዘዕነውዎ ከይኣክል ፡ ካሕሳ ከይከፈሉ ኣኽላባት ኣብዚሖም ተኣዚዞም ንህዝብና ክጎድኡ ምፍታኖም ፡ ናይ ምንታይ ንዕቀት እዩ ?  ገለ ካብቲ ስራሕ ኣኤርትራውያን እንታይ ነይሩ ንርኣዮ ፡

ኣብ 1973 ዓ.ም ቅድሚ 37 ዓመታት ምኳኑ እዩ ። ኣብ ሳሕል ኣብ ተብሒ (ገርግር ኣስመራ) እተባህለ ቦታ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ነጻ ከውፅኡ መጽናዕትታትን ምድላዋትን ገይሮም ኣብ ኢትዮጵያ ቃልሶም ክጅምሩ ዝተላዕሉ ታቓለስቲ ኢትዮጵያውያን ነይሮም ። ተብሕ ስለዝጠቀስኩ ብዛዕባ ተብሕ ቁሩብ ጥቅስ ከየበልኩ ክሓልፍ ዝኽእል ኣይኮንኩን።

## ተብሕ (ገርግር ኣስመራ)    ኣብ ሳሕል ትርከብ   ፡

<u>**ተብሕ ፡ንምብራቃ**</u> ኣልጌን ንብሎ ካብ ጎቦታት ናቅፋ ካብ ባዓል ሓምድ ድቤላይ እናጋለበ ዝመጽእ ዋሕይዝ ተቀቢሉ ካብ ካልእ ካብ ባዓል ተብሕን ቀብሪ ወኣትን ዝመጸ ዋሓይዝ ሓድነት ግበሩ ኢሉ ኣገዲዱ ፡ ብማይ ሂመት ገርካ ፡ መዳግሕ ሰንጢቅካ ፡ ንመብኣ ካብ ሩሑቅ ንጸጋምካ ገዲፍካ ፡ ኪድ ኣጆኺ እናበለ፡ ነቲ ወሓይዝ ማያት ፡ ናብቲ ዓሳታት ዝመልኦ ቀይሕ ባሕርና መልእኽቱ በብገዚኡ ዝሰድድ ኣልጌና    ፡

<u>**ተብሕ ፡ ንምዕራባ**</u>   ካብ ዓራግ ዝውርድ ሩባ ፡ ታባታት ሓሊበትን ብዙሕ ጊዜ ብግመ ዝሽፈን ጎቦ **ዓጋማት** ሓያል ዋርድያ ፡ ናይቲ ካብቲ ዝኾነ ይኹን ዱሑር ዝንባሌታት ናጻ ዝኾነ ብዙሓት ሃገራውያን ዘምሃረ ናይ ኢብራሂም ዓፋ ዝበሉኒ ናይ ዕርፍቲ ቦታ፡ ዓጋማት ። ዓራግ ከደግማ  እታ  ዝነበረት ናይ ሓልታት ሓርነት ዑብል ቦታ ፡ ዲሑሩ ካኣ መዐለሚ ናይቲ ጅግና ተጋዳላይ ተጋድሎ ሓርነት ስፍራ ፡ ዓራግ፡

**ተብሕ ፡ ንስሜን** ንጥግሕ ዘጽለለ ፡ ዝድይቦ ዘይብሉ ዓብዪ ጸሊም እምባ ፡ እንተኾነ ግን ካብኡ ሓሊፍካ ፡ ብ1964 ሓረካ ተደምሰሰትሉ ናይ ጀጋኑ ኤርትራውያን ደም ዝጸገበ ትረኽባ ዒላ ጸዕዳ ፡ ብዛዕባኣ ዝነግሩና ዝነበሩ ብዙሕ ዛንታ ፡

**ተብሕ ፡ንደቡባ** ቀብሪወኣት ዝጋረተ ፡ ነቲ ናይ ጀጋኑ ስፍራ ዝባሃል ተብሕ ዝሓለወ ንቀንዳ ፡ ካብ ጸላኢ ክከላኸል ዝተሰርሐ ዝመስል ዓበይቲ ዓረታት ዝመልኡ ፡ ዓብዪ እምባ ዝተኸብት ተብሕ ፡ ናይ ጀጋኑ ቦታ እናተባህለ ዝድረፈላ ታሪኻዊት ስፍራ ።

እዚ ነቲ ቦታ ዘይፈልጥዎ ብዙሕ ትርጉም ኣይህብን ይኾውን ፡ እንተኾነ እቲ ቀንዲ ጠሚተዮ ዘለኹ መልእኽቲ እዚ ዝስዕብ እዩ፡-

እዚ ቦታ እዚ ኣብ ኣርባዕተ ኩርናዕ ዘለዎ ሳንዱቅ እንተኣእትዮዮ ፡ ብግምት 8 ኪሎ ሜተር ብ8 ኪሎ ሜተር ኣቢሉ እዩ ። ብጠቅላላ 64 ስኴር ኪሎ ሜተር መሬት ምኻኑ እዩ ። እዛ መሬት እዚኣን ካብ 350-420 ቁጽሪ ዝነበሮ ጀጋኑ ሰራዊት ሒዞም እዮም ብብንእሽቶ መሬትን ህዝብን ናጻ እናውጻኻ እናግፋሕካ ፡ ሙሉእ ሃገር ናጻ ምጻእ ዝብል ስትራተጂ ህዝባዊ ሓይልታት፡ መብገሲኡ እዚ ቦታ እዚ እዩ ። እቲ ፖሎቲካዊ ፡ ስነ ሓሳባውን ባህላውን ትሕዝቶታት ናይ ብብንእሽቶ ህዝብን መሬትን ናጻ ምጻእ ዝብል ተፍታዊ ስትራተጂ ምናልባት ንዳሓር ገዲፈ ፡ ናብዚ ናይ ሕጂ ኩነታትና ኣብ ስደት ኣብ ዓዲ ዃኖት ዘለና እናኣተኹ መሰረታዊ ሕቶታት ከልዕል እየ ። ነቶም ኩሎም ብበለጽ ኣዝዮም ዝሓመሙ ኣብዚ ንዑ ስርሑ እብሎም።

- ቀደም ትሻዓተ ብሄራት ኣለዋና ኢና ንብል ዝነበርና ። ሎሚ ብምኽንያት ስደት ብባህልን ሕብረተ ሰባዊ ምዕባለ ክፈላለያ ዝኽእላ ሃገራት ብዙሓት ፋሕ ኢልና ኣሎና ። ንቁጽሪ ብዝሕና ብዝምልከት ፡ የሕዋትና መጽናዕቲ ብዝገበርዎ መሰረት ፡ ኣብ ጊዜ መግዛእቲ ጥልያን ጠቅላላ ብዝሒ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከባቢ 750,000 ከምዝነበረ ይጥቀስ ። ብዚ መንጽር ኣብ ስደት ዘለና ብዙሓት ኢና። ኣብ ስደት ዝወልድናዮም ክራኽብሉ ዝኽእሉ ሰረታት እናተሃሰየ ይኸይድ ከምዘሎ ንሪኡ ኣሎና። ንገዛእ ርእሰና ዓበይቲ፡ ናይ ዓድስ ይጽናሓልና ኣብ ነንነብረላ ከተማ ብምዑቡል ኣገባብ ክንጥርነፍን ሃገራዊ ወኒ ደቅና ከነዕቢ ኣይካኣልናን። ንሕና ንገዛእ ርእስና ኣብ ነንነብረሉ ከተማታት ህዝብና ክንጥርንፍን ደቅና ጠርኒፍና ምስ ኣብ ዓዲ ዘለዉ

የሕዋቶም እናተራኽቡ ኣብ ጉዳይ ሃገሮም ተሳተፍቲ ክኾኑ ከምዘለዎም ክንገብር ዘይካኣልና ፥ ነዚ ንእሽቶ ስራሕ ዓቅሚ ዝሳኣና ፥ ብዙሕ ፖሎቲካዊ ምውርዛይ ምግባር መልከዕ ኣለዎ ዶ ?

- ብቁጠባዊ ትሕዝቶኣ ዓነውነው ዝበለት ሃገር ካብ ገዛእቲ ሓይልታት ከምዝተረከብና እናፈለጥና ፥ ኣብ ነዊሕ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተሃስየ ህዝቢ ከምዘለና እናረኣና ፥ ኣብ ክንዲ ነቲ ዘሎ ሕጽረታት ብዝዓቅምና ክንምልእን ክንሕግዝን ምፍታን ፥ ኢድና ካብ ምሕጋዝ ቆጢብና ፥ ብዛዕባ ስእነትን ጥምየትን ክንዋራዘ ፥ ደመኛታት ጸላእትና ዝብልዎ ክንደግምስ ናይ ባሓቂ ጥዕና ዘለዎ ነገር ድዩ ? ንሕሰበሉ ህዝቢ እኮ ህዝቢ እዩ።
- ጉቡእና ከየማላእና መሰላት ንሓትት ፥ ናይ ውሽጣዊ ሽግራትና ምስ ናይ ግዳማዊ ጉዳያት ንሓዋውስ ፥ ንእሽቶ ኣበርክቶና ሰማይ እናሰቀልና ፥ ኣብ ነንነብረላ ከተማ ህዝቢ ወዲብናን ሓድነትና ኣዕቢናን ፥ ብዝላዓለ ናይ ሕውነትን ፍቅርን መንፈስ ክንፈጥርን ንገዛእ ርስና ናጻ ክንወጽእ ዘይካኣልናስ ፥ ዓብዪ ሃገራዊ ስራሓት ብኸመይ ንሰርሖ ? ዓቅምና ንምዘን ካብ ንእሽቶ ናብ ዓብዪ ንእቶ ፥ ከም ካብ ተብሕ ናብ ሙሉእ ሃገር።

- ቀንዲ ጠንቂ ናይ ዘጋጥመና ዘሎ ተጻብኦታት ምስቲ ናይ ቀደም ተጻብኦታት ዝተኣሳሰረ ምዃኑን ፥ ብዘልና ሰሪሕና ብገዛእ ርእስና ናይ ምንባር ዝብል ስረት ዘለዎ ተጻብኦ ምዃኑ እናፈልጥና ፥ ከመይ ኢልና ሙሉእ ሕብረተሰብና ዝተቃለሰሉ ዕላማታትን ክብርታትን ክንትንክፍን ፥ ገሌና ንናይ ጸላእትና ድሌት ከነዐውት ክንብል ወዮም ክንደይ ጀጋኑ ዘጥፍኡ ከምቁኑዓት ፥ ነቶም ዕላማ ናይ ኩሎም ሓርበኛታት ዝከላኸሉ ከም ጉጉያት ከነቅርቦም ንፍትን ? …….. 

ናብ ተብሕ ክምለስ፥

ተቃለስቲ ኢትዮጵያውያን ኣብ መእከል ተቃልስቲ ኤርትራውያን ኮይኖም መጽናዕቶም እናገበሩ ንነዊሕ ቃልሶም ምድላዋት ኣብ ተብሕ ኣብቲ ማእከል ቦታና ነበሩ ።

ኣብ መንጎ እዞም ተቃለስቲ ኢትዮጵያውያን ብፖሎቲካዊ መርገጽን ኣገባብ ቃልስን መሰረት ዝገበረ ፡ ኣብ ክልተ ምግምማዕ ተራእየ ። ገለ ካብቲ ቀንዲ ፍልልያቶ ከኣ ከምዝስዕብ ነይሩ ። ኣነ በጋጣሚ ኮይኑ ምስኦም  ብኣካል ክራኸብን ክካታዕን ዕድል ካብ ዝረኸቡ ኤርትራውያን ሓደ ስልዝነበርኩ እቲ ጉዳይ ይፈልጦ እየ ።

- እቲ ቀዳማይ ጉጅለ ፡ ናይ ኢትዮጵያ ህዝባዊ ሰውራዊ ፓርቲ (EPRP) ዝባሃል ኮይኑ ፡ ኩሎም ውጹዓት ኢትዮጵያውያን ብሓደ ክቃለሱ ኣለዎም ዝብል ፡ ካብ መራሕቱ ክይተረፈ ከም ባዓል ብርሃነመስቀል ረዳ ፡ ተወልድቲ ትግራይ  ዘለውዎ ኮይኑ ፡
- እቲ ካላኣይ ካኣ ኩሎም ደቂ ትግራይ ኮይኖም ፡ ብሄራዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝብሉ ነበሩ ።

## <u>ንብሄራዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ምባሎም  ፡ መጎተ ተጋሩ ከምዝስዕብ ነይሩ ፡</u>

ውጹዓት ተጋሩ ኣዝዮም ዝተናዕቁን ዝተጨቆኑን  ስለዝኾኑ ፡ ዋላ እቶም ውጹዓት ዝባሃሉ ካብ ብሄር ኣምሓራ ፡ ኣብ ልዕሊ ውጹዓት ተጋሩ ንዕቀት ስለዘርእዩ ፡ ውጹዓት ተጋሩን ውጹዓት ኣምሓሩን ብሓደ ከተቃልሶም ዘይካኣል ስልዝኾነ ፡ ተጋሩ ብሄራዊ ቃልሲ ከነካይድ ኣሎና ይብሉ ። በዚ መሰረት ከኣ ተጋሩ ፡  ነኣምሓሩ ይንዕቁና እዮም ይብሉ ነበሩ እምበር፡ ከምዚ ሎሚ ዝብልዎ ዘለዉ ናብ ኤርትራውያን ዘቅነዐ ኣይነበረን ።

## <u>ኣብ መርገጽ ናይ ኤርትራ ሕቶ ብዝምልከት ፡</u>

ተጋሩ ንናይ ኤርትራ ሕቶ ናይ መግጸእቲ ሕቶ እዩ ይብሉ ነበሩ ። ምስ መርገጽ ኤርትራውያን ይሰማማዕ። እቶም ዓባይ ኢትዮጵያ ዝብሉ ፡ ህዝቢ ኤርትራ ጭቁን ህዝቢ እዩ ። ተቃሊሱ ዕድሉ ክውስን መሰል ኣለዎ ይብሉ ። እንተኾነ ግን ናይ ኤርትራ ሕቶ ናይ መግዛእቲ ሕቶ ድዩ ኣይኮነን ንዝብል ፡ ሕጂ ክንምልሶ ንኽእል ኣይኮናን እናበሉ ፡  ኣብ ዝማዕበለ ርእሰማላዊ ስርዓት ዝበጸሓ ሃገራት ጥራይ እየን ክገዝኣ ዝኽእላ ይብሉ ። ብኻልእ ኣዘራርባ ኢትዮጵያ መስፍናዊት ስርዓት ስለዝኾነት ፡ ክትገዝእ ኣይትኽእልን እያ ዝብል ትንተና

የምጽኡ ። በቶም ዝማዕበሉ ሃገራት እናተሓገዘት ትገዝእ ኣላ ተብልናዮም ኣይቅበልዎን ነበሩ ። ብኢትዮጵያውነቶም ሕቡናት ፡ ደፊሮም  ዝካትዑ ሰባት እዮም።

እቲ ህዝቢ ትግራይ ውጹዕ ምዃኑን ክቃለስ መሰሉ ከምዝኾነን ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ውጹዕ ህዝቢ ምኻኑን ፈታዊና እምበር ጸላኢና ከምዘይኮነ ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክርህዎ ከም ዕላማ ክምንሕዞን ፡ ንህዝቢ ትግራይ ኮነ ካልኦት ብሄራት ኢትዮጵያ ጎይቶት ሃገሮም ክኾኑ ፡ እምነት ሰውራ ኤርትራ ምኻኑ ኣብ ታዓሊም እትው ምስበልካ ትማሃሮ ጉዳይ ስለዝነበረ ፡ ኢትዮጵያውያን ምሳና ምህላዎም ጸገም ኣይነበረን ። እንተኾነ ግን ተወላዋሊ መርገጽ ዘለዎም ኣብ መንጎና ምንባሮም ግን ብውልቂ ስለዘየሕጉሰና ነቶም ሙኩራት ኣሕዋትና ንሓቶም ነበርና ።

## ኩሉ ጊዜ መልሲ ዝወሃበና ዝነበረ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ ፡-

ንሕና ኤርትራውያን ንጹር ዕላማ ኣለና ። ህዝብና ኣሚና ብደምና ናጽነትና ክነምጽእ ግድነት እዩ ኢልና ንቃልስ ዘለና ኢና። ቃልስና ግድን ኢትዮጵያውያን ክኣምንልና ኣለዎም ንብል ኣይኮናን። ዕላማ ቃልስና ንገልጽ ፡ ስራሓና ንሰርሕ ስለምንታይ ዘይኣመኑልና ክንብል የብልናን ። ናይ ገዛእ ርእሶም ዕላማን ውሽጣዊ ናጽነትን ኣለዎም ። ንሕና ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያቶም ንኣቱ ከምዘይኮናን ቁኑዕ’ውን ከምዘይኮነ ይገልጹልና ነበሩ ። ተዓዘቡ ቅንዕና ሰውራ ኤርትራ፣ ከምዚ ዘበርከተ ህዝቢ ሎሚ ወያነ ብገዛእ ርእሶም ዓቅሚ ሲኢኖም ጓኖት ዓዲሞም ህዝብና ክሃስዩ ክፍትኑ ክትርኢ ፡ ናይ ባሓቂ ሰብ ዝብልዎ ንምንታይ እዩ ተፈጢሩ ኢኻ ትብል ።

በዚ መሰረት ሰውራ ኤርትራ ብዛዕባ ሓልዮትን ወጽዓታትን ህዝቢ ኢትዮጵያ ብተግባር ዝሰርሐን ህዝቢ ዝማሃረን እዩ ። ኣብቲ ጊዜ እቲ ገና ውድብ ወያነ ኣይተፈጥረን ነይሩ። ደደቢት ወያነ ብ1976 እዩ መስለኒ ተመስሪቱ ። ሰውራ ኤርትራ ዕላማኡ ስለዝኾነ እዩ ሰሪሑሉ ሚሂሩሉ ።

## ኣብ ኣገባብ ቃልሲ ብዝምልከት፡

እቶም ዓባይ ኢትዮጵያ ዝብሉ ፡ ዝያዳ ፖሎቲካዊ ምንቅቃሕ ገርካ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣላዒልካ ስልጣን ክጭበጥ ይካኣል እዩ ይብሉ ነበሩ ። ወታሃደራዊ ሓይሊ ምድልዳል ብዙሕ ኣይደፍእሉን ። እዚ ከኣ ዋላ እኳ ምስ መርገጽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝሰማማዕ እንተዘይነበረ ፡ ጉዳይ ኢትዮጵያውያን ባዕሎም እዮም ዋናታቱ ተባሂሉ ይኽየድ ነበረ።

እቶም ብሄራዊ ቃልሲ ትግራይ ዝብሉ ግን ፡ ልክዕ ከምቲ ናይ ኤርትራ ኢና ንኣምን ፡ ገዛእቲ ብሓይሊ ብረት ክይተዘብጡ ካብ ስልጣን ዘልግሱ ኣይኮኑን ። ከምቲ ተቃልሰቲ ዝጠቅስዎ “ ፖሎቲካዊ ስልጣን ኣብ ኣፈ ሻንብቆ ብረት ይበቁል” ዝብልዎ ኢና ንኣምን። ነዚ ዘሎ ናይ መግዛእታዊ ሓይልታት ጠቅምታት ንምሕላውን ንምክልኻልን ፡ ዝቖመ መግዛእታዊ መንግስታዊ ትካላትን ቀዋሚ ሰራዊትን ደምሲስካ ፡ ንህዝቢ ከገልግል ዝኽእል ህዝባዊ ትካላትን ህዝባዊ ሰራዊትን ከየቖምካ ናይ ህዝቢ ረብሓታት ክሕሎ ማለት ዘበት እዩ ዝብል መርገፅ ሰውራ ኤርትራ ይድግፉ ነበሩ ። ማለት ናይ መግዛእቲ ሰራዊት ደምሲስካ ብህዝባዊ ሰራዊት ምትካእ ፡ ኣብ ክንዲ ንተቃለስቲ ዝፈርድ ቤተ ፍርዲ ፡ ንዓመጸኛታት ዝፈርድ ቤት ፍርዲ ምትካእ ፡ ኣብ ክንዲ ንህዝቢ ዝሓልዩ ዝእሰርሉ ቤት ማእሰርቲ ንጸረ ህዝቢ ዝኾኑ ዝእሰርሉ ቤተ ማእሰርቱ ምትካእ ማለት እዩ ። ኩሉ ጊዜ ዝእሰርን ዝፍረድን ኣሎ ፡ መን ይእሰር ግን ይፈላለ ፡ ጸረ ህዝቢ ዶ ወይስ ሓላይ ህዝቢ እዩ ፍልልዩ።

እዞም ኣብ ክልተ ዝተመቕሉ ተቃልስቲ ኢትዮጵያውያን ብናቶም መንገዲ ሽግሮም ንኽፈትሑ ዝኣክል ጊዜ ወሲዶም ከፈትሕዎ ስለዘይካኣሉ ፡ ተፈላልዮም እቶም ናይ ዓባይ ኢትዮጵያ ዝብሉ ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም ቃልሶም ክጅምሩ ከለዉ ፡ እቶም ተጋሩ ግን ብቁጽሮም’ውን ውሑዳት ስለዝነበሩ ንሱዳን ኣተዉ ። ምስቶም ድሒሮም ወያነ ትግራይ ዝመስረቱ ኢድ ነሩዎም ዶ ኣይነበሮን ብዙሕ ዝፈልጦ ነገር እኳ እንተዘይብለይ ፡ ውድብ ወያነ መን መስርቶ ብዘየገድስ ግን ፡ ዝነበሮ መርገጽን ኣረኣእያን ምስዞም ናይ ትግራይ ብሄራዊ ቃልሲ ነካይድ ዝብሉ ዝነበሩ ዝሳነ መርገጽ እዩ ነይሩዎም። ከምኡ ስልዝኾነ ናይ ትግራይ ናይ ብሄር ቃልሲ ተኻይዱ።

ሰውራ ኤርትራ፡ ዝርካበን ብመስዋእቲ ዝተረኸበ ናይ ውጹዓት ኣጽዋራት ቀርቡ ፡ ንህዋለ ንማቀለን ብሓባር ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላእቲ ንቃለሰልን ብምባል ተቃሊሱ ። ብነብሶም ተኣማሚኖም ክሰርሑ ዝኽእሉ ንህዝቦም ካብ ሕሰምን መከራን ናጻ ዘውጽኡ ሓይልታት ክዓብዩ ዝካኣሎ መንገድታት ገይሩ። ንዝነበረ ናይ ጸላእቲ ፖሎቲካውን ስነ

ኣእምሮኣዊ ኩናት እናመከተን ናይ ውጹዓት ህዝብታት ስነ ሓሳባዊ ኣተሓሳስባ ድፍው ገይሩ ፤ ፍትሒ ንምንጋስ ንዝቃለሱ ዝነበሩ ሓይልታት “ንዑ መልእኽቲ ናብ ህዝቢ ኣተሓላልፉ “ ብምባል ካብ መደበር ረድዮ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ካብቲ ክቡር እምባታት ሳሕልን ካልእ ቦታታትን ኤርትራ የቃልሐ ነበረ ። ሰውራ ኤርትራ በታ ዝነበረቶ ዓቕሚ ንረብሓታት ህዝቢ ዘባና ዘገልገለ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ ።

ምሕዝነት ሰውራ ኤርትራ ካብ ቀደሙ ምስቲ ህዝብታት ናይቲ ዞባ እምበር ምስቶም ናይቲ ዞባ ዑሱባት መረሕቲ መንግስታት ኣይነበረን ። እቶም ናይ ከባቢና መራሕቲ ሃገራት ነንሕድሕዶም ብዝነበሮም ግርጭታት መሰረት ዝፍጠር ዝነበረ ቀዳዳት ተጠቂምካ ስራሕ ሰውራ ምስላጥ እምበር ብመንግስቲ ደረጃ ዝተረኽበ ደገፋት ብዙሕ ዝነበረ ኣይመስለንን። እንተ ደገፍ ናይ ህዝቢ ግን ዓብዩ ነይሩ። ህዝቢ ሱዳን ብፍላይ ኣብ ጸገምና ኣጽሊሉና እዩ ። ብዙሓት ንረብሓ ውጹዕ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝሓልዩ ፤ ብተግባር ዝሰርሑ ተጋሩ ይኹኑ ካብ ካልኦት ብሄራት ተቃለስቲ ኢትዮጵያውያን ምስ ኤርትራውያን ተጋደልቲ ምሕዝነት ፈጢሮም ንናይ ሓባር ረብሓታት ብቕንዕና ክሰርሑን ክስውኡን ኪኢሎም እዮም ።

እዚ ናይ ወያነ ጉጅለ ፤ ብንእሱ ከሎ ንረብሓታት ውጹዓት ህዝብታት ክሰርሕ ዕላማ ከምዘለዎ መሲሉ እዩ ተራእዩ ። ረብሓታት ውጹዓት ከዕውት ይቃለስ ምህላዉ ረኣዩለይ ስምዑለይ ክብል ዘይገበሮ ነገር’ውን ኣይነበረን ። ይኹን እምበር ኣብቲ ጊዜ እቲ እውን እንተኾነ ብዙሕ ናይ ተበላጺ ጠባያት የርኢ ነይሩ እዩ ። ንኣብነት ኣብ መደበራት ህዝባዊ ግንባር ወተሃደራዊ ተዓሊም እናተማህረ ከሎ ከይተረፈ ብዝዕባ ወተሃደራዊ ታክቲክን ስትራተጅን ዝምልከት ብዙሕ ብጭቅታታት የርኢ ነይሩ ። ኣብ መደበር ህዝባዊ ሓይልታት ፖሎቲካዊ ስልጠና ( ቤት ትምህርቲ ካድራት) እናተማህረ ከሎ፡ ብዛዕባ ፖሎቲካዊ ፍልስፍና ኣዝዩ ዝማዕበለ ስነ ሓሳባዊ ኣመለኻኽታ ከምዝሓዘን ካብ ማንም ንነብሱ ኣልዒሉ ክርኢ ይፍትን ነይሩ ። ብስምዒት ጥራይ ፤ ክማላእ ዝግብኦ ቕድመ ኩነት ከየኣማለአን ህዝቡ ከይማሃረን “ ማርክሳዊት ለኒናውት ሊግ ትግራይ” (ማለሊት) ዝብል ስም ዝሓዘት ናይ ውጹዓት ፤ ንውጹዓት ተገልግል ሰልፊ ፤ ኣብ ትግራይ መስሪተ ብምባል ተሃንጥዮ ብኣዋጅ ኣፍሊጡ ። ኣበየናይ እዋን ከምዘውጸአ ብርግጽ ኣይተፈልጠን እምበር ቀይሕ ካባታት ተኸዲኑ ፤ ካብቶም ፖሎቲካ ዘመሃርዎ ዝያዳ ፖሎቲከኛ ፤ ሓላዪ ውጽዓት መሲሉ ተራእዩ ነበረ ።

ንሕና ፡ ንህዝቢ ኤርትራ እኮ ንሓልየሉ ኢና በሉና ። “ብረት ሰውራ ኤርትራ ቁልቁልኣሉ ኣይድፋእን” ዝብል መጽሓፍ “ ተስፋጼንን ተስፋጼናውያንን “ ብዝብል ብዙሕ ገለጻታት ዘለዎ ከነንብቦ ቀረቡልና ። ካብቶም ዝመሃሩኒ መራሕቲ ሰውራ ኤርትራ እውን እንተኾነ ንሕና ንነፍዕ በሉ ። ወያነ፡ ነቲ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ዝተጸገዐ ቦታታት ኣትኪሉ ዝዋግኦ ዝነበረ ወተሃደርዊ ኣመራርሓ ሰራዊት ኤርትራ ዘለዎም ትዕዝብቲ ክገልጽዎ ከለዉ “ ጫማይ ኣየውጽእን እየ ኢልካ ፡ እግርኻ ምስኣን ኣሎ” በልዎ ። ብዛዓባ ወተሃደራዊ ኣመራርሓ ትጋገዩ ኣለኹም ማለቶም እዮም ምዕዶታት እዩ ሕማቅ ኣይኮነን ። ብስነ ሓሳባዊ ፍልስፋና እውን ማሕብርነታዊ ሃጸይነት ዘይበለ ካባና እፈለ በሉ ።

እንተኾነ ካብ ተሞኩሮኦም ተማሂሮም ይዕረዩ ይኾኑ ብምባል ህዝቢ ከምዘይሓልፍ ጸሮም ። ብዙሓት ኤርትራውያንን ተጋሩን ክቅበልዎ ኣይካኣሉን ። ኣብዚ ጊዜ እዚጎንጽታት ንረብሓ ህዝብታት ኣይኮነን ተባህለ ። ወያነ ኣብ ዘመነ “ተስፋጼንን ተስፋጼናውያንን” ዝሳኣንዎ ኲናት ኣብ ዘመነ ዶ/ር ፍሳሃጼናውያን ኣብ 1998 ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ረኺብዎ ። በሻሓት ዝቁጸሩ ንህዝቢ ኤርትራ ኮነ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከገልግሉ ዝኽእሉ ኣብ ቃልሲ ዝተጠርዩ ኣካላትና ከኣ ኣብ ኲናት ጠፍኡ ።

ሳልሳይ ክፋል ይቅጽል፡